## ኤርትራዊ: ኣይትተሃመል!!!!
## ሓርገጽ ’ውን: ክውሕጠካ እንዳደለየ’ዩ:
## እንዳምጺህቐ ዝነብዕ!!!

1ይ ክፋል:-

*እቲ ንኤርትራ ዶባታ ኣነጺሩ: ከም ሃገር ዝሰረታ ፋሺሽቲ ኢጣልያ: ብናይ ኪዳን ሓይልታት ኣብ ድሮ ምስዓሩ: ሓንቲ ካብተን ናይ ኪዳን ሓይልታት ኣባል ዝኾነት እንግሊዝ: ንህዝቢ ኤርትራ ሰማየ ሰማይ ብዝበራ ነፈርቲ ገይራ: ከምዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዘለዎ ወረቓቕቲ ብሰማያት ኤርትራ ናብ መሬት ኤርትራ ዘርጊሓ: ናብ ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝበጽሕ ገይራ ነይራ:: ትሕዝቶ መልእኽቲ ናይ ዝተዘርገሐ ወረቓቕቲ ኸኣ: ከምዚ ዝብል ኢዩ ነይሩ:-*

*"ኦ ህዝቢ ኤርትራ: ፋሽሽቲ ኢጣልያ ኣብ ልዕሌኻ ዘውረዶ ኣደራዕን ስቓይን ጸበባን ተረዲእና: ከም ኩለን ነጻ ዝወጻ ዘለዋ ሃገራት ኣፍሪቃ: ናጽነትካ ንኽትጎናጸፍ ክንተሓባበረካን ክንፈቕደልካን ኢና:: እቲ ሕጂ ካባኻ እንጽበዮ ነገር እንተሃልዩ: ምሉእ ዓቕምኻን ሃምኻን ጉልበትካን ንብረትካን ኣብ ጎኒ ሰራዊት እንግሊዝ ተሰሊፍካ: ኣንጻር ሰራዊት ፋሽሽቲ ኢጣልያ ክትዓጥቕን ክትቃለስን ኢዩ:: ድሕሪ እዚ ዝተርፈካ የለን: ናጽነትካ ኣብ ጽባሕ ስዕረት ፋሽስቲ ኢጣልያ መሪቕና ከነረክበካ ኢና::”*



*ህዝቢ ኤርትራ ግን እንግሊዛውያን ናጽነት ክህብዎ ኢሉ ዘይኮነ: ቅድሚኦም ጀሚሩ ኣንጻር ፋሽሽቲ ኢጣልያ: ምእንቲ ክብሪ ሓርነቱን ሉኡላዊ ነጻነቱን ሓርነታዊ መሰላቱን ተቓሊሱን ኣቃሊሱን ኢዩ:: ሽዑ ኢዮም ከኣ ሓርበኛ ተቓላሳይ ደግያት ባህታ ሓጎስ (ኣባ-ጥመር ሓው ግምጁ) ከምዚ ዝበሉ፥-*

*“ንስቡሕ መሬትካ ገቢቱ: ንመሰላትካ ጨፍሊቑ: ኣርዑት ጭካኔ መግዛእቱ ኣብ ዝባንካ ክጽዕን ዝሓስብ ዘሎ: ባሕሪ ሰጊሩ ከገብረካ ካብ ዝመጸ መግዛእታዊ ሓይሊ: ሓራ ከውጻኣካ ኢየ እሞ!!! ሰዓበኒ!!!’’ ክብሉ: ኣንጻር መግዛእታዊ ፋስሽቲ ኢጣልያ ዝተቓለሱ:: ብወትሃደራዊ ዓይኒ ’ውን: ቀንዲ እምነ መሰረት ውድቀት ስዕረት ፋሽሽቲ ኢጣልያ ኣብ ዓድዋ ዝኾኑ::*

*ድሕሪ ስዕረት ኢጣልያ: እንግሊዝ ናብ ኤርትራ ምእታዋ ግን: መብጽዓ እንግሊዛውያን ጌና ኣብ ኤርትራ እግሮም ቅድሚ ምንባሮም ኢዮም ጠሊሞሞ: ስለ ዝኾነ ኢዩ ነቲ ዝርካቡ ኢጣላውያን: ምእንቲ ጥቕሞም ክብሉ ኣብ ኤርትራ ተኺሎሞ ዝነበሩ ትካላትን: ኣብ ትሕተ ቕርጺ ሃኒጸሞ ዝነበሩ መስመራትን ነቒሎም: ኣብ ምዝራፍን ምዕናውን ዘድሃቡ:: እቲ ምኽንያት ከኣ: ካብ መጀመርታኡ ንቕኒት ህዝቢ ኤርትራ ኣዳቒቖም ስለ ዘጽንዕዎን: ነቲ ስትራተጂካዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ: ብኽጥቀምሉ ዝኽእሉ ኩነት ንምምቻቻእ ክብሉ ኢዮም: ነታ ሃገርን ህዝብን ኣብ ምድኻምን ምድቓቕን ዝተጓየዩ: ከም ሳዕቤን ከኣ: ኣብ’ቲ እዋን ናይ ፈዴሬሽን: እታ ጎብለል ዓለምና ዝኾነት ሕቡራት መንግስታ ኣሜሪካ: ናብ ዕላማታታን ረብሓታታን ዘድሃበትሉ:: ንምኳኑ ኣሜሪካ መን ኢያ? ብኸመይ ኢያ ኸ እትካየድ?*

*መጀመርያ እዛ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እትብሃል ሃገር: እቲ ኣሜሪካ ዝብል ከም መጸውዒ ነቲ መሬታዊ ክውንነት ’ኳ ዘረጋግጽ እንተኾነ: ኩሉ መዋቕር ናይ’ታ ሃገር: ኣብ ትሕቲ ውሑዳት ጉጅለ ሰብ ረብሓ ዝቆጻጸርዋ ተንቀሳቓሲት ሳንጣ ኮይናትሉ ኣብ ዘላ እዋን: እንተላይ ነቲ ንኹነታት ዓለም ንምትህድዳእን: ማዕርነታዊ ሚዛን ሕጊ ዓለም ንምቁጽጻርን ኢሉ ዝቖመ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከይተረፈ: ኣብ ትሕቲኦም ብዘእተውዎ ፍሉያት ጉጅለ ሰብ ረብሓ: ኣብ ዝመሓደረሉን ዝካየደሉን ዘሎ እዋን ኢና: ንድሕሪት ተመሊስና ንፍትሽ ዘለና:: ኣብ’ዚ ብመጽናዕቲ ዝተደገፈ ዳህሳስ እዚ: ኩሉ ሰብ: ናይ’ቲ ኣብ ልዕሊ ሃገሩን ህዝቡን ዘንጸላሉ ዘሎ ድነ መንጠሊና ጸሊም ንብዓት: ከም ትማሊ: ሎሚ ’ውን ንዘለ-ኣለም በሪዙ ዝቕንጠጠሉ*

ሃዋህው ንኸካይድ: ኣፍልጦ ናይ’ቲ እከይ ሕዛብ ንምፍላጥ ንኸሕግዞ ብማለት ኢና ነቕርቦ ዘለና::




መንግስቲ ክበሃል እንከሎ: ኩሉ ከም ዝፈልጦ ብሰለስተ ኣካላት ኢዩ ዝቐውም:-
1. ሓጋጊ ኣካል:-
2. ፈጻሚ ኣካል:-
3. ፈራዲ ኣካል ይኹን ድኣ ’ምበር: ናይ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ሓይሊ ኣቋውማ ትካላትን መንግስትን: በቶም ዝለዓለ ፍሉያት ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ ኢዩ ምቁጽጻር ዝካየደሉ:: ናይ’ዚ ጭቡጥ መሰረት ከኣ: ነዚ ኣቓውማ ’ዚ ንምንጻር ነዛ እትስዕብ ግራፊክ ንመልከት:-

1. Congress + electoral support + friendly legislattion & oversight
2. Bureaucracy + low regulation special favors + congressional support via lobby
3. Interest Group + Founding & political support + policy choices & exeution

ኣብ’ዚ ነታ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ እንብላ ዘለና: ከም ኣጻብዕቲ ኢዱ ዝቆጻጸራን: መን ክመርሓ ከም ዘለዎ ዝውስን ጉጅለ: እዚ ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ Interest Group እንብሎ ክፋል ኢዩ:: እስከ ናብ ዝርዝር ምትእስሳራቱ ድሕሪ ምዝርዛርና: ናብ ጉዳይና: ናብ ጉዳይ ኤርትራ ክንምለስ:-

መንግስቲ ኣሜሪካ: ካብ’ቲ ዘለዎ ስትራተጂካዊ ጥሙሓት ተበጊሱ ኢዩ: ነቲ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሰናይ ድልየት ብምቕጻይ: ብናይ ሽዑ ወኪል ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ: ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ኣምባሳዶር ጆን ፎስተር ዳላስ ዝሃቦ መግለጺ ምስ እንውከስ፡-


'The US Ambassador to the UN,John Foster Dulles, said, "From the point of view of justice, the opinions of the Eritrean people must receive consideration. *Nevertheless* the strategic interest of the United States in the Red Sea basin and the considerations of security and world peace make it necessary that the country has to be linked with our *ally* Ethiopia"

ትርጉም ቃል ኣምባሳዶር ጆን ፎስተር ዳላስ

John Foster Dulles ኣምባሳዶር ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ኣብ ውድብ ሕቡራት ሃገራት: ኣብ መደረኡ ኢሉ:- "ብፍትሓዊ ዓይኒ ክረአ እንከሎ: እቲ ድሌት ናይ ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ግምት ክኣቱ ነይርዎ: ይኹን ድኣ ’ምበር: ስትራተጂካዊ ረብሓ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ: ጸጥታዊ ኩነታት ዓለምን ኣብ ግምት ብምእታው: ኤርትራ ምስ’ታ መሻርኽትና ዝኾነት ኢትዮጵያ ክትጽምበር ኣለዋ::"



ኤርትራ ድሕሪ’ቲ ዘይፍትሓዊ ፈደረሽን: ናብ ኢትዮጵያ ቅድሚ ምልሓቓ ዝነበረ ዓመታት ዘጋጠምዋ ብድሆታትን ተጻቦኣታትን ምስ እንዕዘብ: ብዙሕ ዘይተጋህደ ሚስጢራት ኢና ንረክብ: ነዚ ኩነታት ምስ እንድህስስ ከኣ: ናይ 7 እዋን ፈተነ ቅትለት ሓርበኛ ኣቦና ወልደኣብ ወልደማርያምን: ቅትለት ሓርበኛ ኣቦና ዓብደልቓድር ከቢረ: ኩሉ ሰብ ከም ዝገልጾ ብኢትዮጵያ ከም ዝተኻየደ ኢዩ:: ዝቀላቐሉ ዘለው ሓደስቲ ዘይተጀልሑ ሓበሬታታት ይእንፍትዎ ከም ዘለው ግን: ኢትዮጵያ ኣተግባሪት ናይ’ቲ ዝተኣልመ እከይ ውዲታት ፈተነ ቅትለትን: ቅትለት ሓርበኛታት ኤርትራውያን: ናይ ብሓቂ ብናታ ድልየትን ዓቕምን ዲዩ ተኻይዱ? ክምለስ ዘለዎ ሕቶ ኢዩ:: ነዚ ንምምላስ መቕተልቲ ፓትሪስ ሉሙምባ **Patrice Émery Lumumba,** ኣብ ሃገረ ኮንጎ: ማርቲ ሉተር ኪንግ **Martin Luther king** ኣብ

ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ: ቱፓክ ኣማሩ ሻኩረ Tupac Amaru Shakure ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ: በናዝር ቡቶ Benazir Bhutto ኣብ ፓኪስታን: ኣብነት መስርሕ መቕተልቶም ምስ እንፍትሽ: ብመንገዲ ትልሚ ማወስ CIA ዝተኻየደ ኮይኑ: ነቲ መስርሕ ውሳኔ ዝወሰደ ጉጅለ ግን: እዚ ሕጂ ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ እንብሎ ዘለና Interest Group ኢዩ::

ናብ'ዚ ውሳኔ ዘብጽሕ ኣካል ከኣ: ብድሕሪ ናይ'ዚ ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓ Interest Group: ሓደ ነብሱ ዝኸኣለ ኣወዳድባ ዘለዎ: ብሕቡእ ሕብረተ-ሰብ The secret Society ዝፍለጥ: ኣብ ምሕንጻጽን ምትግባርን ናይ'ዚ ጉዳይ ዝውስን ኣካል ኣሎ: እስከ ሕጂ ምስ ጉዳይ ኤርትራ ኣተኣሳስርና ንርኣዮ: ቅድሚኡ ግን መን ኢዮም እቶም ጉጅለ ሰብ ፍሉይ ረብሓን nterest Group: ሕቡእ ሕብረተ-ሰብ The secret Societyን ክንርኢ ኢና::

ናይ መርገጸም ግዳይ ኮይኖም ቅንጸላ ዝተኻየደሎም

ንመስርሕ ናይቲ ቅንጸላ: ዝያዳ ንምርግጋጽ ነዚ ናይ መርበብ ገመድ ንመልከት፡-
ቅትለት ሉሙምባ:- http://www.youtube.com/watch?v=AYrC-JaYHik
ቅትለት ማርቲን: ቱ-ፓክ: በናዝር ከምኡ 'ውን: ዝርዝር ናይ'ቲ ሕቡእ ሕብረተ-ሰብ:-
https://www.youtube.com/watch?v=3JC8yY0SaBM&feature=youtube_gdata_player


ፓትሪስ ሉምምባ


ማርቲን ሉተር


ቱ-ፓክ ኣማሩ


በናዝር ቡቶ

እቲ ሕቡእ ሕብረተ-ሰብ: The secret Society

The 15 Most Powerful Members secret Society Of 'Skull And Bones'

እቶም 15 ሓያላት ጉጅለ ሕቡእ ሕብረተ-ሰብ: ስኩዌል ቦነስ:








William Howard Taft
Class of 1878



Amos Alonzo Stagg
Class of 1888



William Averill Harriman
Class of 1913



Archibald Macleish
Class of 1915



Prescott Bush
Class of 1916



Robert Lovett
Class of 1918



Henry Luce
Class of 1920



Potter Stewart
Class of 1936



Mcgeorg Bundy
Class of 1940



George H. W. Bush
Class of 1948



William F. Buckley
Class of 1950



John Kerry
Class of 1966







George W. Bush — Class of 1968
Stephen A. Schwarzman — Class of 1969
Austan Goolsbee — Class of 1991



ልዕል ኢልና ከም ዝገለጽናዮ: ዝበዝሑ ናይ ዓለምና ዓበይቲ ፖለቲከኛታት: በዞም ኣብ ላዕሊ እንርእዮም ዘለና: ነዛ ዘለናያ ፕላኔት ከም ናይ ብሕቶም ማሕፉዳ ዝቆጻጸርዋ ብዘለው ሰባት ኢዩ ተኻይዱ:: መቕተልቲ ሓርበኛ ሽኽ ዓብደልቓድር ከቢረን: ናይ 7 ግዜ ፈተነ ቅትለት ሓርበኛ ወልደኣብ ወልደማርያም: ቅትለት ጀነራል ተድላ ዑቕቢትን ከኣ: ሓደ ካብ'ቲ ብዙሕ ውሑድ ፍጻሜትት ዓለምናን ሃገርናን ኢዩ::

ነዚ ኩነታት ምስ እንከታተል: ፓትሪስ ሉምምባ ክቕተል እንከሎ: ተራ ሕቡራት መንግስታት ኣሜሪካ ኣብ'ቲ እዋን: እቲ እንታይ ከም ዝነበረ ኣምባሳደር ኣሜሪካ ኣብ ኮንጎ ዝነበረ ነቲ ኩነታት ገሊጽዎ ኢዩ:: ናይ'ቲ እዋን እቲ ነቲ ፍጻሜ ዝሃንደሱ ኸኣ: እዞም ልዕል ኢልና እንርእዮም ዘለና ሰባት ኢዮም ፈጸምቱ ነይሮም:: ብዕድመ ደረጃ ይኹን: ብግዜ ምስ እንቕምሮ ኸኣ: እዞም ሰብ ፍሉይ ረብሓን ጉጅለ ኣረሜን ተባሂሎም ዝጥቀሱ ዘለው: ምስ ዕድመ ግዜ መስዋእቲ ሽኽ ዓብደልቓድር ከቢረን: መቕተልቲ ጀነራል ተድላ ዑቕቢትን: ፈተነ ቅትለት ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም ምስ እነመዛዝኖ: ካልእ ተፍትሽ ከየድለየ: George H. W. Bush ቡሽ ዓቢ: John Kerry ጆን ኬሪ: George W. Bush ጆርጅ ቡሽ ኣብ'ቲ እዋን እቲ: ብዕድመ ናይ'ቲ ፍጻሜ ካብ ዝነበሩ ሰባት: ክሳብ ሕጂ ኣብ ጉዳይ ኤርትራ እንታይ ክገብሩ ይኽእሉ ምዝማዱ ከኣ: ኣስተብህሎ ዘድልዩ ጉዳይ ኢዩ:: ኣብ'ዚ ዘያዳ ከነንጽር: ቡሽ ዓብን ቡሽ ንእሽቶይን ኣባላት ሰልፊ ሪፓብሊካን ኢዮም:: John Kerry ጆን ኬሪ ከኣ ኣባል ሰልፊ ደሞክራቲክ ኢዩ:: እዞም ሰባት እዚኣቶም ኢዮም ከኣ: ኣብ 50 ታት ዝፈሓሱዎ ቶንኮል: ክሳብ ሕጂ ኣብ ዝባና ተጻዒኑና ዘሎ::

ንምኳኑ ናይ ብሓቂ ዲዩ ኣብዛ ኣደ ደሞክራሲ እትብሃል ኣሜሪካ: ነጻ ፕረስን: ነጻ ምርጫን: ደሞክራስን ፍትሕን ዘሎ: ኬሪ Kerry ምስ ቡሽ Bush ውድድር ከካይዱ እንከለው: ኣቐዲሙ መን ክመርሕ ከም ዘለዎ: ብመንገዲ ናይ'ቲ ብግሉጽ ሕብረተ-ሰብ Open Society ዝፍለጥ: ብመንገዲ ጆርጅ ሶሮስ Georg Soros: ስልጣን ብገንዘብ ኢዩ ዝሽመት:: ገንዘብ ንብሑት ስልጣን: ገንዘብ መዐደጊ ድምጺ ወረቐት: ገንዘብ ንመኅሳሰሲ ምርጫ: ገንዘብ ኣሜሪካ ንዘይትቕበሎም ስርዓታት ንምዕላው ንዝግበር ምንቅስቓስ: ብጉልባብ ነጻ ስነ ምግባርን: ማሕበራዊ ምንቅስቓስን ዝስላዕ ገንዘብ ዝንስነሰሉ: ብስም ሃይማኖትን ሽበራን ንዝካየድ: ሽበራ ብሽበራ ንምቕላስ: ብገንዘብ ሽግር ፈጢርካ: ብገንዘብ ነቲ ሽግር ምምሕዳር ዝሰርሕ ትካል ኢዩ:: እዚ ግሉጽ ሕብረተ-ሰብ Open Society ናብቲ ቅርጻዊ መዋቕር ምስ ኩነታት ኤርትራ ኣተሓሒዝና

ንመልከት:-

http://www.youtube.com/watch?v=wWAMFUIS_Ug




መራኸቢ ብዙሃን
Mainstream Media
ሉሉያት መራኸቢ ብዙሃን
Committee to Protect Jornalists
ኮሚተ ሓለዋ ጋዜጤኛታት
Reporters Wthiout Border
ዶብ ኣልቦ ጋዜጤኛታት
Georg Soros, Open Society.
ጆርጅ ሶሮስ ሕቡእ ሕብረተ-ሰብ
United Nations
A. Haile Menkeerios
ው.ሕ.ሃ.
ኣ. ሃይለ መንቀርዮስ
C.I.A.
ማ.ወ.ስ.
Move On
ፍኑው ምንቅስቓስ
Tides-Foundation
ቲደስ- ግብረሰናይ
US Aid
ዩኤስ ረዲኤት
National Endowment for Democracy
ሃገራዊ ተውፊት ንደሞክራሲ
Eritrean Journalist in Exile
ኤርትራውያን ጋዜጤኛታት ኣብ ስደት
ሚልክያስ ምሕረተኣብ
Radyo Erena፡- Binyam Simon
ራድዮ ኤረና ብንያም ስምኦን






እዚ ኹሉ ኣወዳድባ ናብ ኤርትራ ዝቐንዐ ጸፋር ተጻብኦ ኢዩ
2ይ ክፋል ይቕጽል

**ጉጅለ ተጻናጻንቲ እከይ ውዲታት**!!!

gdusattsenatsenti@gmail.com